




# ስራሕኹም መፃኢ ዕድልኩም!

ንስራሕ ፈጠርቲ ስደተኛታት ስራሕቲ ንግዲ ንምኽፋት ዘድሊ መሰረታዊ መመርሒ






# ኣፍልጦ

**እዚ መምርሒ እዙይ ኣብ ኒውዮርክ ዝርከቡ ሰብ ሃፍቲ ስደተኛታት ንፁር ሓበሬታን ምንጪታትን ብዝበለፀ ንምቕራብ ተባሂሉ ብኒውዮርክ ኢሚግሬሽን ሕብረትን ማእከል ልምዓት ማሕበረሰብ ፕራትን ዝተዳለወ እዩ። እዚ መምርሒ እዙይ ካፒታል ዋን ተባሂሉ ብዝፅዋዕ ክፍሊ ልምዓት መንእሰያትን ማሕበረሰባትን ኒውዮርክ፣ ቤት ምኽሪን ቤት ፅሕፈት ኣፈ ጉባኤን ከተማ ኒውዮርክን፣ ነዛ ከተማ ቐንዲ መበገሲ ዝኾነ ኒውዮርክ ኢሚግሬሽን ማሕበር ሰናይ ድልየት ታሓቲሙ።**

---


ኣብ ወርሒ ሚያዚያ 2019 ዓ/ምፈ ታሓተመ

ቤን ዳድ ብሓገዝ ሲድኒ ሴስፔዴስ፣ ሳል ማኖዝ ዘዳለዎ እዩ

ጁን ሊ ብዝሃቡዎ መብራህርሂ


## ሕብረት ኢሚግሬሽን ከተማ ኒውዮርክ

ሕብረት ኢሚግሬሽን ኒውዮርክ ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ንኹሎም ሰባት ብፅቡቕ ተቐቢሉ፣ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ስለዝርእዮምን ሕልሞም ጋህዲ ንኽገብሩ ዕድል ስለዝህቦም ኣዝዩ ብርቱዕ ንትርፊ ዘይተጣየሸ ትካል እዩ:: ኩሎም ነበርቲ ኒውዮርክ ንኽምዕብሉ እዚ ሕብረት እዙይ ስደተኛታት፣ ኣባላትን መሓዙትን ክዋሃሃዱ ይገብር::

## ፕራት ማዕኸል ንዕብየት ማሕበረሰብ

ፕራት ማዕኸል ንዕብየት ማሕበረሰብ ንትልሚ ከተማታት፣ ምርምር፣ ምድጋፍ ፖሊሲን ሓገዝ ንኣናእሸቲ ትካላትን ብምውህሃድ ትሑትን ማእከላይን እቶት ዘለዎም ማሕበረሰባት ንኹሎም ነበርቲ ኒውዮርክ ዝያዳ ፍትሓዊን ዘላቒን ከተማ ንኽትከውን ትልሚ ሓንፂዖም ሕልሞን ጉሁድ ክገብረሩ ይሕግዞም::

# ሰደቓ ትሕዝቶ


ስራሕቲ ንግዲ ዶ ጀሚርኩም? ክትፈልጥዎ ትደሊዮዎ ነገር እንታይ ኣሎ! ............ 6

ኣጠቓቕማ እዚ መምርሒ እዙይ ............ 6

ንጀምር ............ 7

ማሓውር ስራሕቲ ንግዲ ትመርፁሎም ኣብነታት ............ 11

እቶም 6 ማሓውር ስራሕቲ ንግዲ ............ 15

ናይ ውልቐ ትካል ............ 16

ሓፈሻዊ ትካል ስራሕቲ ንግዲ ............ 17

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ............ 19

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ............ 21

ኮርፖሬሽን ............ 23

ናይ ሰራሕተኛ ሕብረት ስራሕ ............ 26

ትርጉም ............ 27

ጠቐምቲ ሰነዳት ............ 28

ኣታዎታት ............ 29

# ኣፈ ጉባኤ ከተማ ኒውዮርክ ኮሪይ ጆህሰን ዘማሓላለፍዎ መልእኽቲ


ዝተኸበርኩም ነበርቲ ኒውዮርክ

እታ እንፈልጣን እንፈትዋን ከተማ ኒውዮርክ ብዘይ እቶም ስራሕ ፈጠርቲ ስደተኛታት እዙይ ትባሃል ኣንኾነትን። ብርክት ዝበሉ ስደተኛታት ሰራሕተኛታትን ባዓል ዋናታት ስራሕቲ ንግዲን ስለዝኾኑ እዞም ስደተኛታት ዓንዲ ሕቖ ናይቲ ከባብያዊ ቑጠባና እዮም። ሓቒ ንምዝራብ ስደተኛታት ዳርጋ ፍርቒ ትካላት ንግዲ ከተማ ኒውዮርክ ዝውንኑ ኮይኖም ኣብ 2017 ዓ/ም/ፈ ኣብ ውሽጣዊ ፍርያት እታ ከተማ 228 ቢልዮን ዶላር ኣበርኪቶም እዮም። ይኹን እምበር ብፍሉይ ነቶም ስደተኛታት ዝኾኑ ወነንቲ ትካላት ንምሕጋዝ ዝዓለሙ እታዎታት ግና ውሑዳት እዮም። ነዚ እታዎታት እዙይ ኣብዛ ከተማ ወሳኒ ግደ ዘለዎም ክፍሊ ሕብረተሰባት ንምብፃሕን ነቲ ቑፅሩ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ብስደተኛታት ዝውነና ትካላት ስራሕቲ ንግዲ ንምድጋፍ ብዝግበር ፃዕሪታት ብምግባረይ ሕጉስ እየ። ንኹሎም ነበርቲ ኒውዮርክ ንሸቶም ንኸይወቕዑ ዝዕንቕፉ ነገራት ምውጋድ ቐፃሊነቱ ምርግጋፅ ኣድላዪ እዩ።

ኣብዚ ፃዕራማት ስደተኛታት ኒውዮርክ ብፌደራል መንግስቲ መጥቓዕቲ ኣብ ዝበፅሖም እዋን ቤት ምኽሪ እታ ከተማ ነዚ መምርሒ ንምድላው ብምድጋፉ ታሓቢነ እየ። “ስራሕኹም መፃኢ ዕድልኩም” ዝብል ጨርሖ ምስ ባዓል ሞያታት ሕጊ ኢሚግሬሽን፣ ንግዲን ግብሪን ከምኡ እውን ምስ ስደተኛታት ዘገልግሉ ጉጅለታትን ሰብ ሃፍቲን ዝተገብረ ሰፊሕ ምምኽኻር ውፅኢት እዩ። ብብዙሓት መዳያት ድማ ካብዚ ዝዓይነቶም እዚ ናይ መጀመርታ እዩ። እዚ መምርሒ ንኹሎም ስደተኛታት ኒውዮርካዊያን ስራሕቲ ንግዲ ክኸፍቱ ዝደልዩ ግን ከኣ ቐፂሎም ኣየንኡ ስጉምቲ ክወስዱ ወይ ኣየናይ ዓይነት ንግዲ ክኸፍቱ ከምዘለዎም ርግፀኛታት ንዘይኮኑ ሰብ ሃፍቲ ንፁር ፍኖተ ካርታን ደጋፊ ሓበሬታን የቕርብ።

እዚ መምርሒ እዙይ ንደቒ ኒውዮርክ ወሳኒ መሳርሒ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብዚ እዋን እዚ ክሕተም ብምኻኣሉ ስደተኛታት ኒውዮርክ ብፅቡቕ ኩነታት ቑቡላት ከምዝኾኑን ነዛ ከተማ ዝገበሩዎ ብርክት ዝበለ ግደ ዓብይ ዋጋ ዘለዎ ምኳኑ እዚ ቤት ምኽሪ ተሪር መልእኽቲ ዘማሓላልፈሉ እዩ። እዚ መምርሒ እዙይ ንኹሎም ነበርቲ ኒውዮርክ ነዚ ዝቕፅል ስጉምቲ ንኽወስዱ ከም ዘነቓቕሖም ተስፋ ይገብር!

ኣብዚ ዝዋሃብ ግልጋሎት



ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ ኒውዮርክ
ኮሪይ ጆህንሰን


# ካብ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ

ንልዕሊ 150 ዓመታት ዝኣክል ኒውዮርክ ኒውዮርክ ንስደተኛታት መቐረቢት ዕድላት ኮይና ፀኒሓ እያ። ንሳቶም እውን ብግዲኦም ብመዳይ ቑጠባዊ ዓቕሞም እናዕበዩ ይርከቡ። ስደተኛታት ዳርጋ ርብዒ ሓይሊ ሰብ ከተማ ኒውዮርክ ዝኾኑ ኮይኖም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣብ ዝርከብ ኣታዊታት ብቢልዮናት ዶላር የበርክቱ። ስደተኛታት ብስራሕ ጥራሕ ዘይኮኑስ ንኒውዮርክ ዘዕብይዋስ ብንቕሓት ናብ ዝድለ ብርኪ የሰጋግርዋ፡- ንሱ እውን ልዕሊ 83,000 ወነንቲ ትካላት ከተማ ኒውዮርክ ስደተኛታት እንትኾኑ እዚ ድማ ካብ መብዛሕትኦም ወነንቲ ኣናእሽቲ ትካላት ንግዲ እዮም።


ሕብረት ኢሚግሬሽን ኒውዮርክን ማእከል ልምዓት ማሕበረሰብ ፕራትን ነዚ መምርሒ ከም ፀጋ ተቐቢሎም ዕውት ስራሕ ንግዲ ዝጅምርሉን ዘጣይሽሉን መንገዲ ንኽህሉ ስደተኛታት ንምሕጋዝ ነዚ ብምቕራቦም ሓጎሶም ይገልፁ።

እዚ መመርሒ እዙይ ንኹሉ ስደተኛ ብዝኽእሎ ቋንቋ ሓበሬታ ብምቕራብ ዝተወሰኑ ፍሉያት ዕንቕፋታት ክፍትሑ ይገብር። እዚ ናይ ትምህርቲ እታዎት እዙይ ነቶም ኣብ ባይታ ዝሰርሑ ዘለዉ መሻርኽቲ ማሕበረሰብ ንማሕበረሰብ ስደተኛታት ወሳኒ ደገፍ ንግዳዊ ግልጋሎታት ንኽህቡ ክሕግዝ እዩ። ንኢሚግሬሽን ኢንተርፕሪነርሺፕን ዝፈጥርዎ ስራሕን ደገፍን ንሓፈሻዊ ቑጠባዊ ምዕባለ ኒውዮርክ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ንኹሎም ነበርቲ ኒውዮርክ ብርክት ዝበሉ ዕድላት ይፈጥር።

ምስ ሰላምታ



ስቴቭ ቾይ
ዋና ስራሕ ፈፃሚ
ሕብረት ኢሚግሬሽን ኒውዮርክ



ኣዳም ፍረይድማን
ዋና ስራሕ ፈፃሚ
ፕራት ማዕኸል ንዕብየት ማሕበረሰብ

# ስራሕቲ ንግዲ ትጅምሩ አለኹ? እንታይ ክትፈልጡ ትደልዩ?

## ኣጠቓቕማ እዚ መምርሒ እዙይ

ፈጠርቲ ስራሕ ስደተኛታት ዓንዲ ሑቖ ቑጠባ እዛ ሃገር እዩ። ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ወነንቲ ስራሕቲ ንግዲ ስደተኛታት 38.8% ዝኾኑ ኩሎም ኣብ ወልቐ ስራሕ ዝረከቡ ነበርቲ ኮይኖም $7.2 ቢልዮን ዝኾኑ ድማ ናይ ስራሕ ግብሪ ኣታዊ ይገብሩ፡፡ [1]. ስደተኛታት ካብቶም ኣብ ኣሜሪካ ዝተወልዱ ዜጋታት ልዕሊ ዕፅፊ ንግዲ ናይ ምጅማር ዕድል ዘለዎም ኮይኑ ብፍሉይ ንወነንቲ ትካላት ስደተኛታት ንምሕጋዝ ዝዋዓሉ እታዎታት ግና ውሑዳት እዮም። [2]

**እዚ መምርሒ እዙይ ዘለዎም ኩነታት ኢሚግሬሽን ብዘየገድስ ንኹሎም ተሃንጥዮም ዝፅበዩን ህሉዋትን ሰብ ሃፍቲ ስደተኛታት ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ናይ ባዕሎም ስራሕቲ ንግዲ ከፊቶም ስራሕ ንምጅማር ዘለዎም መማሪፂታት ንምርዳእ ዝተዳለወ እዩ።** እዚ መምርሒ እዙይ ከም ሓፈሻዊ መጠቓለሊ ዝተዋህበ ኮይኑ ኣየናይ ዓይነት ናይ ንግዲ መሓውር ከምዝምልከተኩም፣ ንንግዲ ንምጥያሽ እንታይ ረቛሒታት ከምዘድልዩን ዝተወሰኑ ካብቲ ንንግዲ ንምሽራኽ ድልዊ ንምኳን ትፅቢት ዝግበር ክፍሊታትን ግብሪታትንንምውሳን ዝሕግዘ ሓበሬታ የጠቓልል።

እዚ መምርሒ እዙይ ንፍሉይ ኢንዱስትሪ ወይ ድማ ሞያ ክድለዩ ዝኽእሉ ከም ንግዲ ፍቓድ ወይ ፍቓድ ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ዝሓዘ ኣኮነን። **እዚ መምርሒ እዙይ ናይ ሕጊ ይኹን ናይ ግብሪ ማዕዳ ኣይህብን።** ስደተኛታት ሰብ ሃፍቲ ብዛዕባ ውልቓዊ ናይ ኢሚግሬሽን፣ ንግዲ፣ ወይ ድማ ሕቶ ግብሪን ገደባቶምን ብዝምልከት ሕጋዊ ምኽሪ ክሓቱ ብጥብቑ ይተባብዑ፡፡ ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ መምርሒ ኣብ ክፍሊ እታዎታት ምርኣይ ይካኣል፡፡ ኣብዚ መምርሒ እዙይ ዘሎ ሓበሬታ ካብ ጥቕምቲ 2018 ዓ/ም/ፈ ጀሚሩ እዋናዊ እንትኸውን ኣይክመሓየሽን እዩ።

1. "ስደተኛታት ኒውዮርክ፡፡" (ጥቕምቲ 4/ 2017 ዓ/ም/ፈ) ቤት ምኽሪ ኢሚግሬሽን ኣሜሪካ፡፡ www.americanimmigrationcouncil.org/research/immigrants-in-new-york
2. "ፈጠርቲ ስራሕ ስደተኛታት ንምቕባል ዘድልየሉ ቑጠባዊ መዳይ፡"" (መሰከረም 8/ 2015 ዓ/ም/ፈ) ካውፍማን ፋውንዴሽን፡፡ www.kauffman.org/what-we-do/resources/entrepreneurship-policy-digest/the-economic-case-for-welcoming-immigrant-entrepreneurs

# ንጀምር

## ዓርሱ ዝኽኣለ ኮንትራክተር ስራሕ ኣንፃር ሰራሕተኛ? (ከምኡ እውን ንምንታይ የድሊ)

ብዙሓት ስደተኛታት ኣብ ኣሜሪካ ፅቡቕ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ንኽይረኽቡ ዕንቅፋታት የጋጥሞም። ዋንነት ስራሕቲ ንግዲ ንስደተኛታት ብቑጠባዊ መዳይ ንኽስጉሙ ዕድል ክህቦም ይኽእል እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣሜሪካ ከም ሰራሕተኛ ክትሰርሕ ፍቓድ እንተዘይተዋሃቢኩም ናይ ባዕልኻ ንግዲ ምኽፋት መነባብሮኹም ንምምራሕ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

ሓደ መስርሒ ኣብ ኣሜሪካ ክሰርሕ ፍቓድ ከምዘይብሉ ዝፈልጥዎ ሰብ ምቑፃር ሕጋዊ ኣይኮነን፡፡ ኩሉ መስርሒ ሓደ ሰራሕተኛ ክሰርሕ ዝፍቐደሉ ስራሕ ከረጋግፅ ይግደድ፡-

- ካብ ቅጥዒ I-9 ምምላእ
- ናይቲ ሰራሕተኛ መለለዪ ሰነዳት (ከም ቑፅሪ ማሕበራዊ ድሕነት፣ ግሪን ካርድ፣ ፓስፖርት ወዘተ) ምምርማር

ፍቓድ ስራሕ ዘይብሉ ስደተኛ ንግዲ ከይውንን ወይ ድማ ዓርሱ ዝኻኣለ ባዓል ሃፍቲ ከይከውን ዝኽልክሎ ፍሉይ ሕጊ ፌደራል ወይ ድማ ግዝኣት ኒውዮርክ የለን፡፡ ሓደ ዓርሱ ዝኻኣለ ባዓል ሃፍቲ ሓደ ሓደ ግዜ "ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር" ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡ ዓርሶም ዝኻኣሉ ኮንትራክተራት ኩሉ ግዜ ሓድሽ ውዕሊ ክፈራረሙ እንተለዉ ንመስርሒኦም ኣብ ቕጥዒ I-9 ንዘሎ ክመልኡ ኣይግደዱን እዮም። ኣብዚ መምርሒ እዙይ ከም ዝተገለፀ ከም ፍሉይ ሕጋዊ ኣካል ብምኳን ንግዲ እንተኣጣይሽካ ኣቑሑትን ግልጋሎታትን ምሃብን ውዕሊ ምእታውን እውን ሓዊሱ እቲ ሕጋዊ ኣካል ባዕሉ ንግዲ ከካይድ ይኽእል እዩ፡፡

ከም ተግባራዊነቱ ብዙሓት ስደተኛታት ኩነታት ኢሚግሬሽኖም ብዘየገድስ ንግዲ ብምኽፋት መነባብሮኦም ምምራሕ ይኽእሉ እዮም፡፡ ከም መጠን ፈጣሪ ስራሕ ግብሪ ምኽፋል ሓዊሱ ንኣሰራርሓ ስራሕቲ ንግዲ ዝምልከቱ ሕጊታት ምኽባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ንግዲ ንምኽፋት ሰነዳት ናብ ሰበስልጣን መንግስቲን ባንኪታትን ምቕራብ ከምዘድሊ፣ ካብ ኣሜሪካ ክትባረር ከምዘይኽልክል፣ ሕጋዊ ነባራይ ንኽትከውን ዕድል ከምዘይህብን ምርዳእ ድሊ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት ኣብ ከይዲታት ኢሚግሬሽን ዝርከቡ ዳያኑ ብዛዕባ ዋንነት ንግዲን ምኽፋል ግብሪን ጠመተ ክገብርሉ ይኽእሉ እዮም፡፡

## ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር ምኳንኩም ተፈልጥሉ መንገዲ

ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር ዲኹም ወይ ድማ ሰራሕተኛ ምኳንኩም ንምፍላጥ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ ኩሉ ግዜ ንናይ ባእልኹም ፍሉይ ኩነታት ብዝምልከት ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ።

ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተራት ንባዕሎም ኣብ ንግዲ ስራሕ ተዋፊሮም ንመስርሓይኦም ኣቑሑት ወይ ድማ ግልጋሎት የቕርቡ እዮም። መስርሓይኩም ዘይኮነስ ኣቑሑት ወይ ግልጋሎታት ብኸመይ ከም እትህብን ፋይናንሳዊ መዳያት ንግዲኹምን ትቆፃፀርልሉ መንገዲ ከም ሰራሕተኛ ዘይኮነስ ከም ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር ክትቑፀረሉ ትኽእል ዓብይ ዕድል ይህልወካ። ኣብ ዝቕፅል ገፅ ዝተወሰ ኣብነት ዝርዝር መፈተሺታት ንኹነታት ሰራሕተኛ ኣንፃር ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር ዘነፃፅሩ ክትረኽቡ ኢኹም።

ንስራሕቲ ንግድኹም ፍሉይ ሕጋዊ ኣካል እንተ ኣጣይሽኩምሉ እቲ ሕጋዊ ኣካል ባዕሉ ነቲ ኣቑሑት ወይ ድማ ግልጋሎት ንዓማዊል ከቕርብ ይኽእል እዩ። ብሓፈሽኡ ንስራሕቲ ንግዲን ወኒንካን ትቖፃፀር እንተኾንካ ግና ከም ሰራሕተኛ ኮይንኩም ዘይክትቑፀሩ ትኽእሉ ኢኹ። በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሎም ሰብ ሃፍቲ፡-

- ነዚ ስራሕቲ ንግዲ ብኽፋል ወይ ድማ ብሙሉእ ክውንኑን
- ናይዚ ስራሕቲ ንግዲ ምንቕስቓስ ክቖፃፀሩ ከምዘለዎም ይምከር።

# ሰራሕተኛ ወይስ ዓርሱ ዝኻኣሉ ኮንትራክተር?

ከም ፅሬት ሰራሕተ ኮይነ ይሰርሕን ንዝተፈላለዩ ዓማዊላት ግልጋሎተይ እናሃብኩ ይርከብ። ዋጋ ናይቲ ዝህቦ ግልጋሎት ዝሕብር መርበብ ሓበሬታ ኣለኒ እዩ። ንግልጋሎተይ እምበር ናይ ሳዓት ማሃያ ኣይኽፈለንን እዩ። ዓማዊል ብኢንተርኔት ወይ ድማ ብስልኪ ቆፀራ ብምሓዝ ግልጋሎተይ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ዓማዊል ናይ ባዕሎም ናይ ፅሬት ናውቲን መሳርሒታትን የቕርቡ እዮም።

ካብ ሰኑይ እስካብ ዓርቢ ካብ ሳዓት 8 ንጉሆ እስካብ ሰዓት 4 ድሕሪ ቐትሪ ንሓንቲ ስድራ ቤት ከም ኣላይት ገዛ ኮይነ እየ ዝሰርሕ። ንሳዓት 15 ዶላር ዝኣክል ከፊለ መንገደይ ወዲኤ ምስ መነባብሮ ንምስጓም ድማ በቢ ዓመቱ ወሰኽ ንምርካብ ይሰርሕ። ምስታ ዝሰርሓላ ስድራ ቤት ኩሉ ናይ ፅሬት ናውቲን ቐረብን እያ እተቕርብ። ኣብ ዝኾነ ይኹ ማዓልቲ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ መምርሒ ዝሓዘ ፅሑፍ ይገድፋለይ። ኣብ ሰሙን ዕረፍቲ ሓደ ሓደ ግዜ ዝተወሰነ ተወሳኺ ገንዘብ ንምርካብ ንኻልኦት ስድራ ቤታት እውን ይሰርሕ እየ።



| | ናይ ፅሬት ሰራሕተኛ ሀ | ናይ ፅሬት ሰራሕተኛ ለ |
|---|---|---|
| ቦታታት ስራሕቲ ንግዲ ምሕላው | | ✓ |
| ኣብ ናይ ባዕልኻ ትካል መዋእለ ነዋይ መሳርሒታት፣ ቑለብን መሳርሒታትን ፈሰስ ምግባር | | |
| ንትርፊ ወይ ድማ ኪሳራ ፋይናንስ ብምፍሳስ ዕድልካ ምርኣይ | | ✓ |
| ትኽፍልሉ መንገዲ ምቕማጥ ወይ ድማ ምትዕርራይ | ✓ | ✓ |
| ዓርሰ ሓገዝ ምጥቃም | | ✓ |
| ዝዋሃብ ስራሕ ናይ ምንፃግ ናፅነት ኣለዎም | | ✓ |
| ንካልኦት ዓማዊላት ግልጋሎት ምቕራብ ዝኽእሉ | ✓ | ✓ |
| እቲ ስራሕ ብከመይ፣ ማዓዝን ኣበይን ከምዝስራሕ ምፍላይ | | ✓ |
| | ሰራሕተኛ እየ | ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር እየ |

# ሰራሕተኛ ወይስ ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር?

ኣነ ግልጋሎተይ ክረክብ ንዝደሊ ትካል ባዓል ሞያ ሒሳብ እየ። እቲ ትካል ኣብ ዝድልየኒ እዋን ኣብየናት ማዓልቲታት ከም ዝሰርሕን ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል ከም ዝሰርሕን ይውስኑ። ዝኽፍሉኒ ድማ እቲ ግልጋሎት ምስተዛዘመ እምበር ብሳዓት ማሃያ ኣይኽፈለኒን። ክፍሊት ክረክብ ኣብ ዘድልየኒ እዋን ነቲ ትካል ቕብሊት ይሰደሎም። ኣብ ካልኦት ብዙሓት ትካላት ተመሳሳሊ ናይ ሒሳብ ስራሕ እናሰራሕኩ ይርከብ። ናይ ስራሕ ኮምፒተረይ ተጠቒመ ኣብ ገዛይ እየ ዝሰርሕ።

ኣብ ሰሙን ን30 ሳዓታት፣ ኣብ ሓደ ትካል ከም ናይ ሒሳብ ባዓል ሞያ ብኽፋል ግዜ ይሰርሕ፣ ብሰሙናዊ ድማ ማሃያ ይኽፈለኒ። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ስራሕ ኮምፒተረይ ተጠቒመ ኣብ ገዛይ እየ ዝሰርሕ። እንተደልየ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ንጥዕናዊ ግልጋሎት ክምዝገብ እኽእል እየ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብዚ ትካል ኣብ ዘይሰርሓሉ እዋን ካብ ካልኦት ንኣሽቱ ትካላት ናይ ስራሕ ዕድል ይጥቐም እየ።



| | ናይ ሒሳብ ባዓል ሞያ ሀ | ናይ ሒሳብ ባዓል ሞያ ለ |
|---|---|---|
| ቦታታት ስራሕቲ ንግዲ ምሕላው | ✓ | ✓ |
| ኣብ ናይ ባዕልኻ ትካል መዋእለ ነዋይ መሳርሒታት፣ ቐለብን መሳርሒታትን ፈሰስ ምግባር | ✓ | ✓ |
| ንትርፊ ወይ ድማ ኪሳራ ፋይናንስ ብምፍሳስ ዕድልካ ምርኣይ | | ✓ |
| ትኸፍልሉ መንገዲ ምቕማጥ ወይ ድማ ምትዕርራይ | | ✓ |
| ዓርሰ ሓገዝ ምጥቃም | | ✓ |
| ዝዋሃብ ስራሕ ናይ ምንፃግ ናፅነት ኣለዎም | | ✓ |
| ንካልኦት ዓማዊላት ግልጋሎት ምቕራብ ዝኽእሉ | ✓ | ✓ |
| እቲ ስራሕ ብከመይ፣ ማዓዝን ኣበይን ከምዝስራሕ ምፍላይ | | ✓ |
| | ሰራሕተኛ እዩ | ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር እዩ |

# ማሓውር ስራሕቲ ንግዲ ትመርፁሎም ኣብነታት

ሕዚ ስራሕቲ ንግዲ ንምኽፋት ስለ ዝወሰንኩም እንታይ ዓይነት ንግዲ ንዓኹ ዝምጥን ምዃኑ ክትፈልጡ ከድልየኩም እዩ! እዚ ክፍሊ እዙይ ንስራሕቲ ንግድኹም ንምውዳብ ዝሕግዝኹም ዝተፈላለዩ መማረፂታት ሓበሬታ ዘቐረትብልኩም እዩ።

ዝተወሰኑ ናይ ንግዲ መሓውራት ዝለዓለ ናይ መጀመሪ ወፃኢታት ዘለዎም ዝተሓላለኹ ሕጊታትን ናይ ምምላእ ጠለባትን ይህለውዎም። ካልኦት ትካላት ንግዲ ንምጥያሽ ዝቐለለ ክኾኑ ዝኽእሉ እኳ እንተኾነ ውሑድ ወይ ድማ ወረቐት ወይ ዝተሓተ ክፍሊት ዘይብሎም፣ እቲ ወናኒ ትካል ግና ብዙሕ ገንዘብ ናይ ምፍሳስ ዕድሉ ዝሰፍሐ ክኸውን ይኽእል። ብዝበለፀ ንዘድልየኩም ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ኣብ ዘለው ናይ ንግዲ መሓውር ንምምራፅ ዝተወሰኑ መሰረታዊ ኣምር ብዛዕባ ቐጥዒታት ንግዲ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

## ውልቓዊ ፋይናንስኩም ምእላይ

ሓደ ስራሕ ካብቲ ወናኒ ቢዝነስ ዝተፈለየ ሕጋዊ ኣካል ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ሰብ ዝኣመሰለ ሕጋዊ ኣካል ስምምዓት ወይ ውዕላት ናይ ምእታው ሕጋዊ ዓቕሚ ዘለዎ፣ ልቓሕ ክረክብን ዕዳ ዘለዎን፣ ክሽስን ክኽሰስን ዝኽእል፣ ብተግባራቱ ድማ ተሓታቲ ክኸውን ይኽእል።

ትካልካ ፍሉይ ሕጋዊ ኣካል እንተኾኑ **ውሱን ውልቓዊ ተሓታትነት** ክህልወካ ይኽእል እዩ። ንዕዳታት ናይቲ ቢዝነስ ዘለካ ተሓታትነት ብሓፈሻ ኣብቲ ኣብቲ ቢዝነስ እትገብሮ ውልቓዊ ወፍሪ ጥራሕ ዝተሓፀረ እዩ። ትካልካ ፍሉይ ሕጋዊ ኣካል እንተኾይኑን እንተተኸሲሱን፣ ከም ገዛኻ ወይ መኪናኻ ዝኣመሰሉ ናይ ውልቐ ንብረትካ፣ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ እቲ ቢዝነስ ዝቐርብ ክሲ ንምሽፋን ካብ ምትሓዝ ይድሕኑ። ካሊእ ረብሓ ብፍሉይ ሕጋዊ ኣካል ኣቢልካ ንግዲ ምምራሕ ዝርከብ ረብሓ ድማ እቲ ትካል ባዕሉ ዋላ እቲ ባዓል ዋና ክሰርሕ ፍቓድ እንተዘይተዋህቦ ስራሕቲ ንግዲ ምንቕስቓስ ወይ ድማ ካብ ኣሜሪካ ወፃኢ ነዚ ስራሕቲ ንግዲ ብምንቕስቓስ እዩ።

ኣብዚ መምርሒ እዙይ ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ንውልቓዊ ተሓታትነት ንምድራት ክጣየሹ ዝኽእሉ ዓይነታት ሕጋዊ ኣካላት፣ ወፃኢታትን ረብሓታትን ፣ ውሱን ሽርክና፣ ውሱን ሓላፍነት ዘለዎ ኩባንያን ኮርፖሬሽንን ብሓፂሩ ከምዝስዕብ ነጠቓልል።

ካብቲ ንንግድኻ ዝኸውን ፍሉይ ሕጋዊ ኣካል ዘለዎ **ውሱን ተሓታትነት ተጠቃሚ** ንምዃን፡-


- ውልቓዊ ንብረትካ ካብ ናይ ንግዲ ንብረትካ ዝተፈለየ ምዃኑ ምርግጋፅ
- ንሕጋዊ ትካልኩም ፍሉይ ናይ ባንኪ ሒሳብ ምኽፋት።
- ኣብ ውዕላትን ምልክታታትን ናይቲ ሕጋዊ ትካልኩም ሹም (ኣብ ክንዲ ሹምኩም) ተጠቐም
- ፍሉይ ቑፅሪ መለለዪ ግብሪ (EIN) ብምውፃእ ኣብ ዘድልየሉ እዋንን ቦታን ንሕጋዊ ትካልኩም ፍሉይ ናይ ግብሪ ክፍሊታት ኣቕርቡ።

## ITIN እንታይ እዩ?

ኣታዊ ክትረክብ ከለኻ ግብሪ ምኽፋል ግዴታ እዩ:: ናይ ውልቐ ከፋሊ ግብሪ መለለዪ ቁፅሪ (ITIN) ቁፅሪ ማሕበራዊ ድሕነት ንምርካብ ብቕዓት ዘይብሎም ግን ድማ ግብሪ ክኸፍሉ ዘለዎም ሰባት ብግልጋሎት ውሽጣዊ እቶት (IRS) ዝወሃብ እዩ:: ቁፅሪ ማሕበራዊ ድሕነት (SSN) እንተሃልዩካ ንITIN ብቑዕ ኣይኮንካን። ዋላ እኳ ናይ ስራሕ ፍቓድካ ግዚኡ እንተኣኸለ እቲ SSN ኩሉ ግዜ ነቲ ግብሪ ክፍሊት ዘገልግል ኮይኑ ይቕፅልብተወሳኺ እውን ኩነታት ኢሚግሬሽንኩም ብዘየገድስ ልቓሕ ምርካብ ወይ ድማ ናይ ባንኪ ሒሳብ ምኽፋት ሓዊሱ ብዙሓት ፋይናንሳዊ ግልጋሎታት ክትረክብ ITIN ክትጥቐሙ ትኽእሉ ኢኹም:: ንዝበለፀ ሓበሬታ ገንዘብኩም መፃኢ ዕድልኩም! መሰረታዊ መምርሒ ንፋይናንሳዊ ትምህርቲን ምሕያልን፣ ስደተኛታት ውልቓዊ ፋይናንስ መማረፂታት ንኽርድኡ ዝሕግዝ ምንጪ ሓበሬታ እዩ::

## EIN እንታይ እዩ?

ንግብሪ ፌደራልን ግዝኣት ኒውዮርክን ተባሂሉ ዝኾነ ይኹን ሰራሕተኛ ዘለዎ ንግዲ፣ ቁፅሪ መለለዪ ኣስራሒ (EIN) ክውፅእ ይግባእ:: ኮርፖሬሽናትን መብዛሕትኣን ውሱን ሓላፍነት ዘለወን ትካላትን (LLCs) EIN ክውፅኣ ኣለወን:: ብመሰረቱ ባንኪታት ንሓደ ንግዲ ስራሕ ናይ ባንኪ ሒሳብ ንምኽፋት EIN የድልዮም እዩ:: ሓደ ንግዲ ስራሕ EIN ንምውፃእ እንትደሊ ድማ ቕጥዒ SS-4 ("መመልከቲ ቁፅሪ መለለዪ መስርሒ") ናብ IRS ከቕርብ ወይ ድማ ብስልኪ ወይ ብኢንተርኔት ከመልክት ይኽእል።




## ብዛዕባ ናይ ስራሕቲ ንግድኹም ግብሪ ናይ ምኽፋል ግቡእኹም ምርዳእ

ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታቱ ብዘየገድስ ዝኾነ ኣብ ኣሜሪካ ኣታዊ ዝረክብ ሰብ ንፌደራል፣ ስቴትን ከባብያዊን መንግስቲ ግብሪ ክኸፍል ይግባእ። እቶም ረቛሒታት ግብሪ ኣብ ሙሉእ ረቛሒታት ዝተመርኮሰ ኮይኑ ንሳቶም ድማ ከም ዘይተመርዓው ወይ ባዓል ሓዳር ጌርካ ምምላእ፣ ኣብ ዓመት እትረኽቦ መጠን ገንዘብን ኣብ ውሽጢ እታ ግዝኣት ኒውዮርክ ኣበየናይ ከባቢ ከም እትነብርን ዘጠቓልል እዩ።


ብሓፈሻኡ እቲ ዝቐለለ ማሓውራት ስራሕቲ ንግድኻ እንተሃልይኩም ዝድለየካ ግብሪ ዝቐለለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንወነንቲ ትካላት ምድሳው ግብሪ ቐሊል ክኸውን ዝገብሮ ካብ ስራሕካ ዝረኸብካዮ ኣታዊ ኣብ ውልቓዊ ኣታዊ ግብሪ ሪፖርት ክትገብር ዘኽእለካ ዝተወሰኑ ናይ ንግዲ መሓውራት ኣለዉ እዮም።

**እዚ መምርሒ እዙይ ብዛዕባ ኣከፋፍላ ግብሪ ማዕዳ ንምሃብ ዝዓለመ ከምዘይኮነ ኣስተውዕሉ። ስደተኛታት ስራሕ ፈጠርቲ ካብ ብቑዕ በዓል ሞያ ግብሪ ምኽሪ ግብሪ ክረኽ ይተባብዑ።** እቲ ክፍሊ ምንጪ ሓበሬታ ንንግድኻ ዝምልከት ሕቶታት ግብሪ ክሕግዙኻ ብቑዓት ክኾኑ ዝኽእሉ ትካላት እውን ይሕብረካ እዩ።

# ክልተ ዝተፈላለዩ ናይ ንግዲ ስራሕቲ

## ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል*

ሰለስተ ኣዕሩኽ ብሓባር ኮይኖም ናይ ንግዲ ስራሕ ዝኸፍትሉ መንገዲ ጀሚሮም ኣለው:: ነዚ ንግዶም ከም ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል (LLC) ገይሮም ይምዝግቡ። እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካሎም ድማ ዝተፈለየ ሕጋዊ ትካል እዩ።





ሕድ ሕድ ኣባል ኣብ ናይ መጀመርታ ወፃኢታት 400 ዶላር ፈሰስ ብምግባር እቲ ትካል ካብ ባንኪ ናይ **ስራሕ ልቓሕ** ይረክብ::

እቲ ስራሕ ዕውት እንተዘይኮኑ ድሕሪ ውሑዳት ኣዋርሕ 8000 ዶላር ዕዳ ሒዙ ይዕጾ::




እቲ ኪሳራ ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል መዋጮን ካሊእ ዝኾነ ይኹን ንብረት ናይቲ ስራሕን ዘውፅኡ ሕድ ሕድ ኣባል 400 ዶላር ዝተሓፀረ እዩ::





እቶም ወነንቲ ትካላት ብዕዳ ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ብውልቆም ተሓተትቲ ኣይኮኑን፤ እቲ ናይ ውልቆ ንብረቶም እውን ድሕንነቱ ዝታሓለወ እዩ::



## ብሕታዊ በዓል ዋና ትካል

ሓንቲ ብሕታዊት ወናኒት ትካል ናይ ባዕላ ንግዲ ንምጀማር ትሕንፀፅ ኣላ። ንሳን ስራሕቲ ንግዳን በቲ ሕጊ መሰረት ከም ሓደ ሕጋዊ ኣካል ይቑፀሩ።




ካብቲ ዝዓቖረቶ ገንዘብ 400 ዶላር ፈሰስ ብምግባር ንሓድሽ ንግዳ ዝኸውን መሳርሒታት ንምዕዳግ ናይ **ውልቓ** ክሬዲት ካርድ ትወስድ::

እቲ ስራሕ ዕዉት ስለዘይኮነ 8000 ዶላር ክሬዲት ካርድ ዕዳ ሒዙ ይዕጾ።




እታ ወናኒት ብሕታዊ ትካል እቲ ዘውፅቶ 400 ዶላር ስኢናቶ ኣላ፤ ሕዚ ድማ ነቲ 8000 ዶላር ክሬዲት ካርድ ዕዳ ወለድ እውን ሓዊሱ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ኣለዋ።




ነዚ ዕዳ እንተዘይከፊላቶ እቲ ናይ ክሬዲት ካርድ ትካል መኪናኣ፣ ገዝኣን ውልቓዊ ዕቑር ሐሳባን ሓዊሱ ነቲ ናይ ውልቓ ንብረታ ነቲ ዕዳ መኽፈሊ ክገበሮ እዩ!



*ኣብዚ ኣብነት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ከም ኣብነት እኳ እንተጠቐስና ካልኦት ዓይነታት ሕጋዊ ኣካላት ግን ኣብዚ መምርሒ ድሒሮም ዝተዘተየሎም እውን ንውልቓዊ ተሓታትነት ይገድቡ::

# ሹድሽተ ዝተለመዱ ማሓውራት ስራሕቲ ንግዲ

ኣብ ግዝኣት ኒውዮርክ ንስደተኛታት ፈጠርቲ ስራሕ ዝምልከቱ ሽዱሽተ ልሙዳት ዓይነታት ሞዴላት ዋንነት ስራሕቲ ንግዲ ኣለዉ፡፡ ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- **ናይ ውልቐ ትካል**
- **ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ**
- **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ**
- **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል**
- **ኮርፖሬሽን**
- **ናይ ሰራሕተኛ ሕብረት ስራሕ**

እዚ መምርሒ እዙይ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ ናይ ንግዲ መሓውራት ዝሓዘ እዩ፡፡ ሕብረት ስራሕ ብሽርክና፣ ብሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቐ ማሕበር ወይ ብኮርፖሬሽናት ክጣየሽ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ መምርሒ እዘይ በዘለዎ ፍሉይ ማሓውራት ኣጣይሽኡ ድማ ብዛዕባ ንግዳዊ ረቛሒታትን ግዴታታትን ንሓንቲ ሕብረት ስራሕ ናብ ዝርዝር ኣይኣቱን፡፡ ብዛዕባ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ክፍሊ ምንጪ ሓበሬታታት ምርኣይ ይካኣል፡፡

# ናይ ውልቐ ትካል

ናይ ውልቐ ትካል ንሓደ ንግዲ ስራሕ ንምምራሕ ክትጥቀመሉ እትኽእል ናይ ስራሕ መሓውርን ንምጥያሽ ዝቐለለን እዩ። ናብ መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ወረቐት ከየቕረብካ ግልጋሎት እንተሂብካ ወይ ኣቑሑት እንተሸይጥካ ወናኒ ሕታዊ ትካል ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ናይ መጀመሪ ወፃኢታት ትሑት እዩ ምኽንያቱ ድማ ከምቲ ንኻልኦት ንግዳዊ መሓውራት ዝድለ ክፍሊት ክትከፍል ወይ ድማ ቕጥዒታት ከተቕርብ ኣይድለየካን። ኣብ ውልቐ ግብሪ መመልከቲኻ ናይ ንግዲ ኣታዊ ሪፖርት ስለትገብሮ ምድላው ግብሪ ምስቲ ካሊእ እንትርአ ቐሊል እዩ።

## መጠቓለሊ ውልቐ ትካል

| | | |
|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | **ፅቡቕ እዩ** | እቲ ውልቐ ሰብ እቲ ብሕታዊ ወናኒ ትካል እዩ። |
| መጣየሺ | **ንምጅማሩ ቐሊል** | ናይ ንግዲ ንጥፈታት ምክያድ ምስ ጀመርካ ዝጣየሽ። |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | **እቲ ዝናኣሰ እንተዘይኮይኑ** | እቲ ሹም ንግዲ ካብቲ ባዓል ዋና ዝተፈልየ እንተኾይኑ ንናይ ዝተታሓዘ ሹም ምስክር ወረቐት ዝኽፈል ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለየ (እንተድልዩ) ስሩዕ ናይ መመልከቲ ክፍሊት። |
| ምድላው ግብሪ | **ዝቐለለ** | ናይ ንግዲ ኣታዊ ኣብ ውልቐ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊት ሪፖርት ትገብር። |
| ታሓታትነት | **ኣብ ዝላዓለ ሓደጋ ዝወደቐ ውልቓዊ ገንዘብ** | እቲ ባዓል ትካል ንኹሉ ዕዳታትን ግዴታታትን ናይቲ ስራሕ ሓላፍነት ይወስድ፣ ውልቓዊ ንብረታት ድማ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ። |
| ዝተዳለው ረቋሒታት | **ዝቐረበ ሕድሳት/ መመልከቲ የለን** | ብሕታዊ ዋንነት ትካል ንምርካብ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ መዝገባት ናብ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ ትካላት ምቕራብ ኣየድልየኩምን እዩ። |
| ንሓደ ወናኒ | ግልጋግሎት ፀገና ኤሌክትሮኒክስ፣ ላንድስኬፐር፣ ሓላዊ ፅሬት ገዛ፣ መምህራን፣ ጸሓፍቲን ስነ-ጥበባዊያንን | |

# ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ

ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ ንኽልተ ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ወነንቲ ትካላት ገንዘባዊ ተሓታትነት ወይ ድማ ሓደጋ ክካፈሉን ብሓባር ንግዳዊ ስራሕቲ ውሳነታት ከማሓላልፉን ንዝደልዩ ብፅቡቕ ይሰርሓሎም። እዚ ድማ ነፍሰ ወከፍ መዳርግቲ ብኻልኦት መዳርግቲ ንዝዋሃቡ ውሳነታት ሓላፍነት ስለዘለዎም ኣብ ነኒባዕሎም ንዝታኣማመኑ ወነንቲ ትካላት ብፅቡቕ ይሰርሕ።

ልክዕ ከም ብሕታዊ ትካል፣ ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ ንምጥያሽ ዝዋሃብ ወረቐት ወይ ውሑድ እዩ ወይ ድማ የለን። ምስ ካሊእ ውልቐ ሰብ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት እንተዳኣ ተዋፊርኩምን ኣብ ንግዲ ከም መዳርግቲ ኮይንኩም እንተዳኣ ቐፂልኩምን ኣብ ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ ክትህልው ትኽእሉ ኢኹም። መዳርግቲ መሰላትን ሓላፍነትን ነፍሰ ወከፍ መዳርግቲ እንታይ ምዃኑ፣ ነፍሰ ወከፍ መዳርግቲ ክንደይ ፈሰስ ከም ዝገብርን መዳርግቲ ፀገማት ብኸመይ ከም ዝፈትሑን ዝገልፅ ኣገዳሲ ዝኾነ ሰነድ ናይ ሽርክና ስምምዕነት ከዳልው ኣዝዩ ይምከር። ካሊእ ዝገልፅ ናይ ሽርክና ስምምዕ እንተዘይሃልዩ ኩሉ ትርፊን ኪሳራን መዳርግቲ ብማዕረ ክምቐሉዎ እም። **እቲ ስምምዕነት ሽርክና ኣብ ምድላው ሕጋዊ ሓገዝ ክትሓቱ ይግባእ።**

ከምቲ ኣብ ብሕታዊ ዋንነት ትካል ንግዲ ዝግበር ውልቓዊ ንብረት ኣብ ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ ኣይሕሎን፤ ናይ ውልቐ ንብረት ናይ ሓደ መዳርግቲ ድማ ብምኽንያት ድኹም ውሳነ ናይቲ ካሊእ መዳርግቲ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ።



## ናይ ሽርክና ስምምዕነት

ስምምዕነት ሽርክና ሕድ ሕድ መዳርግቲ ምስቲ ንግዲ ብዝምልከት ዘለዎ መሰላትን ሓላፍነትን እንታይ ምዃኑ ዝገልፅ ወሳኒ ሰነድ እዩ። ስምምዕነት ሽርክና ንሓፈሻዊ ሓፈሻዊ ትካል ንግዲ ክዳሎ በጥብቒ ዝምከር ኮይኑ ንውሱን ሽርክና ድማ የድሊ እዩ። ስምምዕነት ሽርክና ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዝምልስ እዩ፦

- ነፍሰ ወከፍ መዳርግቲ ክንደይ የዋፅእ?
- ሓላፍነት ነፍሰ ወከፍ መዳርግቲ እንታይ እዮ?
- መዳርግቲ ብኸመይ ውሳነ የማሓላልፉ?
- መዳርግቲ ትርፊን ኪሳራን ብኸመይ ይማቐሉ?
- መዳርግቲ ኣብ መንጎኦም ንዝፍጠር ዘይምርድዳእ ብኸመይ ይፈትሑዎ?
- ሓደ መዳርግቲ ካብቲ ስራሕቲ ንግዲ ክወፅእ እንትውስን ወይ ድማ ኣብቲ ስራሕቲ ንግዲ ዘለዎ ኣክሲዮን ክሸይጥ/ክትሸይጥ እንተሎ/ላ እንታይ ይኸውን?

## ፅቡቕ እዩ

| | | |
|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | **2+ ወነንቲ** | እቶም መዳርግቲ ወናኒ ስራሕ ንግዲ እዩ:: |
| መጣየሺ | **ንምጅማሩ ቐሊል** | ናይ ንግዲ ንጥፈታት ምክያድ ምስ ጀመርካ ዝጣየሽ:: |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | **እቲ ዝናኣሰ እንተዘይኮይኑ** | እቲ ሹም ንግዲ ካብቲ ባዓል ዋና ዝተፈልየ እንተኾይኑ ንናይ ዝተታሓዘ ሹም ምስክር ወረቐት ዝኽፈል ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለየ (እንተድልዩ) ስሩዕ ናይ መመልከቲ ክፍሊት:: |
| ምድላው ግብሪ | **ዝቐለለ** | ናይ ንግዲ ኣታዊ ኣብ ውልቐ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊት ሪፖርት ይገብሩዎ:: ሓበሬታ ዝሓዘ ሰነድ ናብቲ ሽርክና ትካል እውን ዝላኣኽ ይኸውን:: |
| ታሓታትነት | **ውልቓዊ ገንዘብ ኣብ ዝላዓለ ሓደጋ የውድቕ** | ሕድሕድ መዳርግቲ ካልኦት መዳርግቲ ንዝግብሩዎ ተግባራት እውን ሓላፍነት ክወስዱ ይእሉ እዮም:: |
| ዝተዳለው ረቋሒታት | **ዝቐረበ ሕድሳት/ መመልከቲ የለን** | ሕጋዊ ደረጃ ናይ ንግዲ ስራሕ ትካልካ ንምዕቓብ ናብ መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ነገር ከተቕርብ ኣየድልየካን። |
| ንሓደ ወናኒ | ናይ ስድራ ቤት ናይ ንግዲ ትካላት • ንነዊሕ ኣዋን ዝፀንሐ ዝምድና ዘለዎምን ኣብ ነኒባዕሎም ዝተኣማመኑን መዳግርቲ። | |

# ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና

ኣብ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ክልተ ዓይነት ወነንቲ ኣለው፡- ንሳቶም እውን ሓፈሻዊ ንግዲ ስራሕን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መሻርኽቲን እዮም። **ሓፈሻዊ መዳርግቲ** ከምቲ ብሕታዊ ዋንነት ትካል ወይ ድማ ሓፈሻዊ ንግዲ ስራሕ ዘለዎም ወነንቲ ኮይኖም ንንግዲ ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ዘመሓድሩ፣ ዝዋዓዓሉ፣ ውሳነ ዘማሓላፉን ነቲ ሽርክና ማሕበር ወኪሎም ዝሰርሑን እዮም።

**ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና** ስሩዕ ኣባል ጥራሕ እዩ፡ ፡ ገንዘብ ኣውፂኦም ካብቲ ትርፊ ብፂሒቶም ዝረኽቡ ኮይኖም ማዓልታዊ ስርሓት ናይቲ ስራሕቲ ንግዲ ከማሓድሩ ወይ ነቲ ሽርክና ማሕበር ወኪሎም ክሰርሑ ኣይክእሉን። ካብ ሓፈሻዊ መሻርኽቲ ብተቓራኒ ናይ ውልቐ ንብረት ናይ ሓደ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መዳርግቲ ዝታሓለው እዩም። ናይ ሓላፍነቶም ዝተወሰነ መዳርግቲ ተሓታትነት ኣብቲ ኣብቲ ናይ ንግዲ ስራሕ ዝውዕል ገንዘብ ዝተሓፀረ እዩ።

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ማሕበር ንምጅማር ካብ ብሕታዊ ትካል ወይ ሓፈሻዊ ሽርክና ማሕበር ብዝበለፀ ስራሕ ይሓትት ምኽንያቱ ናብ ክፍሊ ጉዳያት ወፃኢ ኒውዮርክ (DOS) ወረቐት ከተቕርብን ምስኡ ዝተኣሳሰር ክፍሊት ክትከፍልን ኣለካ። እዚ ናይ ንግዲ መሓውር እዙይ ነቶም ነቲ ስራሕቲ ንግዲ ከካይዱ ዘይደልዩ ወይ ድማን ናይቲ ሓፈሻዊ መሻርኽቲ ንግዳዊ ውሳነታት ሓላፍነት ክወስዱ ዘይደልዩ መዋዕእቲ ገንዘብ ብፅቕ ኩነታት ይሰርሓሎም። ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ማሕበር ደንቢታት ኣብ ስምምዕነት ሽርክና ክምዝገኑ ኣለዎም (ገፅ 17 ይርኣዩ)።

## ናይ ጋዜጣ ምልክታ

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ማሕበርን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካልን ንግዶም ምጥያሹ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ጋዜጣታት ንተኸታተልቲ ሽዱሽተ ሰሙናት ክዝርግሑ ይግደዱ። ከከም ሃገሩ ድማ ንሕትመት ጋዜጣታት ወፃኢ ዝተገበረ ገንዘብ ክቡር ክኸውን ይኽእል እዩ።

## **ሓፈሻዊ** መዳርግቲ

- ገንዘብ ፈሰስ ብምግባር ካብቲ ዝተረኸበ ትርፊ ብፅሒቱ ይረክብ
- ነቲ ንግዲ ስራሕ የመሓድርን ውሳነታት የማሓላልፍን
- ነቲ ሽርክና ማሕበር ወኪሉ ይቐርብ
- ንዕዳታት እቲ ንግዲ ስራሕ ዘለዎም ናይ ውልቐ ተሓታቲነት። (ሓደ ወናኒ ትካል ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ግልጋሎት ንምሃብ ከም ሓፈሻዊ መሻርኽቲ ኮይኑ ከገልግል ዝተፈለየ ሕጋዊ ኣካል ክፈጥር ይኽእል እዩ፤ እዚ ግና ዝተሓላለኸ ይኸውን።)

## **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ** መዳርግቲ

- ገንዘብ ፈሰስ ብምግባር ካብቲ ዝተረኸበ ትርፊ ብፅሒቱ ይረክብ
- ነቲ ንግዲ ስራሕ ኣየማሓድርን
- ነቲ ሽርክና ማሕበር ወኪሉ ኣይሰርሕን
- ውልቐ ንብረታት ዝታሓለው እዮም፡ ፡ ናይ ገንዘብ ሓደጋ ብመሰረት እቲ ናይ መጀመሪያ ኢንቬትመንት ዝተወሰነ እዩ።

## ፅቡቕ እዩ

| | | |
|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | **2+ ወነንቲ** | ክልተ ዓይነታት ወነንቲ ዘለው ኮይኖም እንተናኣሰ ካብ:- ሓፈሻዊ ዳርግቲን እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መዳርግቲን ሓዲኦም የድልዩአ እዮም:: |
| መጣየሺ | **ንምጅማሩ ሓያል ፃዕሪ ምግባር የድሊ** | ንሓበሬታ ዘድልዩ ሰነዳት:-<br>▸ ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ማሕበር ምስክር ወረቐት<br>▸ ናይ መሕተሚ ምስክር ወረቐትን ቓለ ማሓላ ምስክር ወረቐትን (ድሕሪ ሕትመት ምልክታ) |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | **ብመጠኑ ኽባር እዩ** | $200 መመልከቲ ክፍሊት፣ $50 ናይ ምስክር ወረቐት መሕተሚ ክፍሊትን $600-$1,200 ልሙድ ወፃኢታት ሕትመት ጋዜጣታት:: ናይ ሽርክና ስምምዕነት የድሊ እዩ:: |
| ምድላው ግብሪ | **ዝቐለለ** | ናይ ንግዲ ኣታዊ ኣብ ውልቐ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊት ሪፖርት ትገብር:: ንሽርክና ዝምልከት ሓበሬታ እውን ክቐርብ ኣለዎ:: |
| ታሓታትነት | **ንሓፈሻዊ ዳርግቲ ብውልቐ ደረጃ ኣብ ሓደጋ የውድቕ** | ሕድ ሕድ መዳርግቲ እቲ ሓፈሻዊ ስራሕቲ ንግዲ ንዝበፅሖ ንግዳዊ ዕዳታት ብውልቐ ሓላፍነት ይወስድ:: ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መዳርግቲ ተሓታትነት ኣብቲ ስራሕ ብዘለዎ ኣክሲዮን መጠን ጥራሕ ዝተሓፀረ እዩ። |
| ዝተዳለው ረቛሒታት | **እወ** | ብሓፈሻዊ ሽርክና ማሕበር ኣባል ዝተፈረመ ናይ ፅሑፍ ናይ ሽርክክና ስምምዕነት የድሊ እዩ:: |
| ንሓደ ወናኒ | መዳርግቲ ዘለውዎምን መዋእለ ንዋይ ምፍሳስ ዝደልዩ ፈጠርቲ ስራሕ ኣብ ውሳነ ምሃብ ይኸውን | |

# ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል (LLC) ውሱን ሓላፍነት ወይ ድማ ትሑት ናይ ውልቐ ገንዘብ ካብቲ ብሕታዊ ዋንነት ትካልን ሽርክናን ማሓውራት ዝበለፀ ረብሓ አለዎ። ብመሰረት ሕጊ እቲ ስራሕ ካብቲ ወናኒ (ዋናታት) ንግዲ ስራሕ ዝተፈለየ ሕጋዊ ኣካል ኮይኑ ኩሎም ወነንቲ ውልቐ ንብረቶም ሓለዋ ዝታሓለወ እዩ። ውሱን ተሓታትነት ንምርካብ እቶም ወነንቲ ንሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ፍሉይ ናይ ባንኪ ሒሳብ ክኸፍቱ፣ ኣብ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ናይ ባዕሉ ወፃኢታት ዝኸፍል እኹል መጠን ገንዘብ ከውፅኡ፣ ውልቓዊ ንብረቶም ምስቲ ናይ ንግዲ ንብረት ዘይሓውስን ካብቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ዝረኸቦ ገንዘብ ንውልቐ ወፃኢታት ኣይጥቐመሎምን።

አባላት ተባሂሎም ዝፍለጡ ወነንቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ነቲ ስራሕ ከካይዱዎን ዘካይዱ ስራሕ መካየድቲ ሰራሕተኛታት ክቑፅሩ ይኽእሉ እዮም። ስራሕ መካየድቲ ሰራሕተኛታት ሰራሕተኛታት ስለዝኾኑ ንክሰርሑ ፍቓድ ክዋሃቦም አለዎ። **ኣብዚ መዳይ እቲ ሕጊ ርግፀኛ ስለዘይኮነ ክሰርሑ ፍቓድ ዘይተዋሃቦም ውልቐ ሰባት ዋላ እኳ ወነንቲ ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል እንተኾኑ ቅድሚ ከም ኣካያዲ ናይ ሓደ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ምምዳቦም ሕጋዊ ምኽሪ ክሓቱ ይግባእ።**

ኣባላት ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ምስ ተመስረተ ብኸመይ ግብሪ ከም ዝኽፈል ክመርፅ ይኽእል እዩ። እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ከም ኮርፖሬሽን ግብሪ ክኽፈል መሪፁ ናብ IRS እንተዘይሊኢኹ ወነንቲ ኣብ ውልቐ ግብሪ መመልከቲኦም ናይ ንግዲ ኣታዊ ሪፖርት ምግባር ይኽእሉ እዮም። **ኣባላት ናይ ሓደ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ብዛዕባ መማራፂታቶም ካብ ክኢላ ባዓል ሞያ ግብሪ ምኽሪ ክሓቱ ይግባእ።**

## ናይ ስራሕ ኣመራርሓ

ስምምዕነት ስራሕ ዝባሃል ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ዝጥቐምሉ ኣገዳሲ ሰነድ ኮይኑ መሰል፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ኣባላቱ፣ መካየድቲ ስራሕ፣ ሰራሕተኛታቱ ወይ ድማ ወከልቱ ዝውስን እዩ። እቲ ናይ ስራሕ ስምምዕነት ቐድሚ ምቕራቡ፣ ድሕሪ ወይ ድማ ናይቲ ትካል መማሓደሪ ደንቢ ቐድሚ 900 ማዓልቲታት ኣቐዲሙ ክፍረም ይኽእል እዩ።

## ፅቡቕ እዩ

| | | |
|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | **1+ ወናኒ** | ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ሓደ ወናኒ አባል ወይ ድማ ብዙሓት ነዚ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ዝውንኑ አባላት ክህልውዎ ይኽእል እዩ |
| መጣየሺ | **ንምጅማሩ ሓያል ፃዕሪ ምግባር የድሊ** | ንኣበሬታ ዘድልዩ ሰነዳት:-<br>▶ መተሓዳደሪ ደንቢ<br>▶ ናይ መሕተሚ ምስክር ወረቐትን ቓለ ማሓላ ምስክር ወረቐትን (ድሕሪ ሕትመት ምልክታ) |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | **ኽባር እዩ** | $200 መተሓዳደሪ ደንቢ ክፍሊት፣ $50 ናይ ምስክር ወረቐት መሕተሚ ክፍሊትን $600-$1,200 ልሙድ ወፃኢታት ሕትመት ጋዜጣታት። ናይ ስራሕ ስምምነት የድሊ እዩ። |
| ምድላው ግብሪ | **ብዝተወሰነ መልክዑ ዝተሓላለኸ እዩ** | ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ብመሰረት እቲ ማሓውር ስርሑን በዝሒ ኣባላትን ብዙሓት ዝተፈላለዩ መማረፂታት አለውዎ። |
| ታሓታትነት | **ትሑት ተሓታቲነት/ ናይ ገንዘብ ሓደጋ** | እቲ ስራሕ ካብቲ ስራሕ ባዓል ዋና ዝተፈለየ ትካል እዩ። |
| ዝተዳለው ረቛሒታት | **እወ - እቲ ዝካየድ ዘሎ ምምዝጋብ** | ▶ እቲ ትካል ምስክር ወረቐት ምስ ኣውፅአ ኣብ ውሽጢ 90 ማዓልቲታት ናይ ስራሕ ስምምነዕነት ከፅቕ አለዎ።<br>▶ (ዘድሊ እንተኾይኑ) ናይ አባላት/መካየድቲ ስራሕ ኣኼባ የካይድ።<br>▶ ዝተወሰኑ ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል መዝገብን ናይ ግብሪ ሰነዳትን የቐምጥ።<br>▶ በቢ 2 ዓመቱ ኣድራሻ መረጋገፂ/መማሓየሺ ክልተ ዓመት መግለፂ ምቕራብ |
| ንሓደ ወናኒ | ውልቓዊ ዕቋሮምን ፋይናንሶምን ካብ ንግዲ ስርሖም ክፍለየሎም ዝደልዩን ወነንቲ ነቲ ቐፃሊ ረቛሒታት ከማሓድሩ ይኽእሉ እዮም። | |


# ኮርፖሬሽን

ኮርፖሬሽን ዝባሃል መብዛሕትኡ ግዜ ንብዙሓት ወነንቲ ዘለዎም ዓበይቲ ትካላት ንግዲ እዩ ምኽንያቱ ኣክስዮን ናይ ምሃብ ዓቕሚ ኣለዎ እዩ። ክስዮን ኣብቲ ኮርፖሬሽን ንዘሎ ዋንነት ረብሓ ዘርኢ እዩ። ኮርፖሬሽን ንምጥያሽ ብርክት ዝበለ ወረቐት ዝሓትት ኮይኑ ወፃኢታትን ሕጋዊ ረቋሒታትን ኣለውዎ።

ሕድ ሕድ ኮርፖሬሽን መተሓዳደሪ ደንቢ፣ ቦርድ ዳይረክተራትን ሓለፍቲን ክህልዎ ይግባእ። እቲ ኮርፖሬሽን ምስተጣየሸ እቶም ባዓል ኣክስዮናት ነቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ዘፅድቑን ዳይሬክተራት ንምምራፅ ናይቲ ትካል ኣኼባ ከካይዱ ኣለዎም። ኮርፖሬሽን ንሓደ ንእሽተይ ንግዲ ትካል ዝሽፍት ባዓል ሃፍቲ ምቹው ናይ ንግዲ መሓውር ኣይኮነን። ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል ንኹሉ ረብሓታት ናይ ሓደ ኮርፖሬሽን ንሓደ ወናኒ ንእሽተይ ትካል ብውሑድ ዝተሓላለኸ፣ ብዝበለፀ ኩለመዳያዊን ብቐሊሉ ምትዕርራይ ዝካኣልን እዩ።

ብተወሳኺ እውን ብሓፈሻ እቲ ናይ ትካል መሓውር ንሓደ ክሰርሕ ፍቓድ ዘይብሉ ስደተኛ ባዓል ሃፍቲ ብዝበለፀ ኣብ ሓደጋ የውድቖ። እቲ ባዓል ሃፍቲ ነቲ ስራሕ ከም ሓላፊ ናይቲ ኮርፖሬሽን ኮይኑ ዘካይዶ ወይ ድማ በቲ ኮርፖሬሽን ማሃያ ዝኽፈል እንተኾይኑ ከም ሰራሕተኛ ክቑፀር ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ንግዲ ስራሕኹም ብመሰረት ሕግታት ግብሪ ግዝኣትን ፌደራልን እውን ሓዊሱ ኩሎም ኣግባብነት ዘለዎም ሕጊታት ከም ዝተጣየሸን ከም ዝሰርሕን ንምርግጋፅ ናይ ስራሕ ትልሚ እንትሕንፅፅ ናይ ሕጊ ምኽሪን ማዕዳን ምቕባልኩም ኣረጋግፁ። እቲ ግብሪ ኮርፖሬሽናት ዝታሓዘሉ መንገዲ ዝተሓላለኸን ካብ ወሰን ናይዚ መምርሒ ወፃኢን እዩ።

## ማሓውራት እቲ ኮርፖሬት




ኣብቲ ትካል ኣክስዮን ዝገዝአ ሰብ ክንደይ ዝኣክል ብሚእታዊት ኣክስዮን ከም ዝውንን መሰረት ብምግባር ነቲ ትካል ይውንን። ኮርፖሬሽን ክምስረት ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ወነንቱ ቐዳሞት ማሕበርተኛታት እዮም።

ንረብሓ ማሕበርተኛታት ዝውክሉ ጉጅለ ውልቐ ሰባት ይምረፁ። ዳይረክተራት እውን ማሕበርተኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ኮይኑ ግና ኣድላዪ ኣይኮነን። ሓደ ቦርድ እንተወሓደ ሓደ ዳይረክተር ክህልዎ ይግባእ። ዳይረክተራት ናይ ምክትታል ከምኡ እውን ኣብ ዓበይቲ ጉዳያት ኩባንያ ውሳነታት ናይ ምምሕልላፍ ሓላፍነት ኣለዎም።

መዓልታዊ ንግዳዊ ስርሓቲ ሓላፍነት ዝወስድን ምስ ንግዲ ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታት ናይ ምስራሕ ስልጣን ዘለዎን እዮም። **ባዓል ሞያታት ብመሰረት ሕጊ ከም ሰራሕተኛታት ክቑፀሩ ዝኽእሉ እንትኾኑ ኣብ ኣሜሪካ ሕጋዊ ሰውነት ክዋሃቦም ይግባእ።**

## ናይ ኮርፖሬሽን ጽማቕ

| | | |
|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | **1+ ወናኒ** | መብዛሕትኡ ግዜ ኮርፖሬሽናት ማሕበርተኛታት ተባሂሎም ዝፍለጡ ብዙሓት ወነንቲ ኣለዎ እንተኾነ ግና ብሓደ በዓል ዋና ኣክስዮን ጥራሕ እውን ክምስረት ይኽእል እዩ። |
| መጣየሺ | **ንምጅማሩ ሓያል ፃዕሪ ምግባር የድሊ** | ድሕሪ ናይ ምምስራት ምስክር ወረቐት ምቕራብ ዝድለ መተሓዳደሪ ደንቢ ንምፅዳቕን ቦርድ ዳይረክተራት ንምምራፅን ናይቲ ትካል ኣኼባ ክካየድ ኣለዎ። |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | **ኣዝዩ ኽባር እዩ** | ኮርፖሬሽን ንምምልካት $1+ 25 ናይ ናይ ምምስራት ምስክር ወረቐት መመልከቲ ክፍሊት የድሊ እዩ። ሓደ ኮርፖሬሽን ንሕጋዊን/ወይ ድማ ናይ ሒሳብን ክፍሊት ብዙሕ ወፃኢ ዘውፅእ ይኽእል እዩ። |
| ምድላው ግብሪ | **ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ** | ወነንቲ ትካላት ግዴታ ግብሪ ንምርዳእ ምስ ባዓል ሞያ ግብሪ ሓበሬታ ክረኽ ይተባብዑ። |
| ታሓታትነት | **ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ/ ንኺሳ ዘቓልዕን እዩ** | እቲ ንግዲ ስራሕ ካብቲ ወናኒ ንግዲ ስራሕ ዝተፈለየ ሕጋዊ ኣካል እዩ። ተሓታትነት ወነንቲ ኣብቲ ንግዲ ስራሕ ብዝገብርዎ ናይ ገንዘብ መዋፀኦ ዝተገደበ እዩ። |
| ዝተዳለው ረቋሒታት | **እወ - ነዚ ረቋሒ ዘማልእ እዩ** | ▶ ዓመታዊን ፍሉይን ኣኼባ ማሕበርተኛታት<br>▶ ስሩዕን ፍሉይን ዳይሬክተራት ቦርድ<br>▶ ንናይ ትካላት፣ ግብሪ ሰነዳትን ቓለ ጉባኤታትን መዛግብቲን ምሓዝ<br>▶ በቢ 2 ዓመቱ ኣድራሻ መረጋገፂ/መማሓየሺ ክልተ ዓመት መግለፂ ምቕራብ |
| ንሓደ ወናኒ | ብዙሕ ገንዘብ ዘድልዮን ኣክስዮን ክህቡን ክሸጡን ዝደልዩ ብዙሓት ወነንቲ ዘለዎም ዓበይቲ ትካላት ንግዲ። | |

# ቅልጡፍ ንፅፅር – ኣየናይ ንግዳዊ ማሓውር እዩ ንዓኹም ዝኸውን?


| | ውልቓ ንግዲ ስራሕ ትካል | ሓፈሻዊ ንግዲ ስራሕ ትካል | ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ንግዲ ትካል | ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር | ኮርፖሬሽን |
|---|---|---|---|---|---|
| በዝሒ ወነንቲ | 1+ ወናኒ | 2+ መዳርግቲ | 2+ ሓፈሻዊን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መዳርግቲ | 1+ + ኣባላት | 1+ + ማሕበርተኛ(ታት) |
| መጣየሺ | ቐሊል 🟢 | ቐሊል 🟢 | ብመጠኑ ከቢድ 🟡 | ብመጠኑ ከቢድ 🟠 | ብጣዕሚ ከቢድ 🔴 |
| ክፍሊታት/ ቕጥዒታት | ዘየብሉ/ ዝዋሓደ 🟢 | ዘየብሉ/ ዝዋሓደ 🟢 | ብመጠኑ ዝኸበረ 🟡 | ብመጠኑ ዝኸበረ 🔴 | ብጣዕሚ ክባር 🔴 |
| ምድላው ግብሪ | ዝቐለለ 🟢 | ማእኸላይ 🟢 | ማእኸላይ 🟢 | ካብ ማእኸላይ እስካብ ዝተሓላለኸ 🟠 | ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ 🔴 |
| ውልቓ ታሓታትነት | ዝላዓለ 🔴 | ዝላዓለ 🔴 | ንሓፈሻዊ መዳርግቲ ዝላዓለ 🔴 | ዝተወሰነ 🟢 | ዝተወሰኑ 🟢 |
| ዝተዳለው ረቛሒታት | የብሉን 🟢 | የብሉን 🟢 | ዝተወሰኑ 🟡 | ዝተወሰኑ 🟠 | ክባር 🔴 |

# ናይ ሰራሕተኛ ስራሕ ማሕበር

ናይ ሰራሕተኛ ስራሕ ማሕበር ሰራሕተኛታት ንግዲ ዝውንኑሉን ዘመሓድሩሉን ብዘሎፅ ሞዴል ንግዲ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሰራሕተኛታት ኣባል ንምዃን ኣብ ሓደ ሕብረት ስራሕ ናይ መጀመርታ ናይ ገንዘብ መዋፅኦ ብምግባር ካብቲ ትርፊ ብዘለዎም መጠን ኣክሲዮን ተመጣጣኒ ብፅሒት ዝረኽቡ እዮም። ኣብዚ ሞዴል እዙይ ሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ኣብ ኣገደስቲ ንግዳዊ ውሳነታት ማልት እውን ከም ምፅዳቕ ልቓሕ፣ ውዕላትን ሓደሽቲ ኣባላት ምቕባልን ብዝምልከት ተመሳሳሊ ናይ ድምፂ ስልጣን ኣለዎም።

ሕብረት ስራሕ ቅድም ኢሎም ከምዝተገለፁ ብሽርክና፣ ብሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር ወይ ብኮርፖሬሽናት ክጣየሽ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ነቲ ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር መሓውር ዝጥቐመሉ ምኽንያት ካብ ኮርፖሬሽን ንሳዕሊ ኲለመዳይ ትካል ስለዝኾነን ንምጥያሹን ንምሕላዊን ውሑድ ወፃኢታት ስለዘድልዮን ካብ ሽርክነት ንዝበዝሐ ወነንቲ ምቹው ስለዝኾነን እዩ። ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር ሕብረት ስራሕ ንኣባላት ውሱን ተሓታትነት ይህልዎ። ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብውልቓ ክሰርሑ እንተወለው ሕጋዊ ደረጃ ዘይብሎም ስደተኛታት ማሃይኦም ብምስራቕ ይኹን ብካሊእ ግህሰት ከይብዝበዙ ንምክልኻል ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

ግዝኣት ኒውዮርክ ፍሉይ ደረጃን ምስ ኣባልነት፣ ኣክስዮንን ምክፍፋል ትርፊን ኪሳራን ዝተታሓሓዙ ሕጊታትን ዘለዎ ፍሉይ ናይ ሰራሕተኛታት ሕብረት ስራሕ ኮርፖሬሽን ሕጊ ኣለዎ እዩ። ንዝዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ መምርሒ ኣብ ክፍሊ ምንጪታት ምርኣይ ይካኣል።



# ትርጉም

### ቓል ማሓላ
ብመሰረት እቲ ሕጊ ብዝፍቐደሉ ሰብ ከም መረጋገፂ ውዕልን ሰነድን ዝበለ ዝተረጋገፀ ብፅሑፍ ተፈሪሙ ዝቐርብ ሰነድ እዩ።

### ዳይሬክተራት ቦርድ
ኣብ ሓደ ኮርፖሬሽን ንማሕበርተኛታትን ወኪሎም ናይቲ ንግዲ ስራሕቲ ሓፈሻዊ ክትትል ክገብሩን ዓበይቲ ውሳነታት ክወስዱን ዝተመርፀ ጉጅለ ውልቐ ሰባት እዩ።

### መስረሓይ
ካብ ዓርሱ ዝኻኣለ ኮንትራክተር ግልጋሎት ዝረክብ ሰብ ወይ ንግዲ ስራሕ እዩ።

### ፈጣሪ ስራሕ
ናይ ባዕሉ ንግዲ ዝውድብን ዘካይድን ሰብ እዩ።

### መስርሓይ
ናይ ካሊእ ሰብ ማሃያን ናይ ስራሕ ኩነታትን ሓላፍነት ዝሸከም ሰብ ወይ ንግዲ ስራሕ እዩ።

### ናይ ውልቐ ከፋሊ ግብሪ መለለዪ ቑፅሪ (ITIN)
ቑፅሪ ማሕበራዊ ድሕነት ንምርካብ ብቕዓት ዘይብሎም ግን ድማ ግብሪ ክኸፍሉ ዘለዎም ሰባት ብግልጋሎት ውሽጣዊ እቶት ዝወሃብ እዩ።

### ግልጋሎት ውሽጣዊ እቶት (IRS)
ናይ ፌደራል ግብሪ ናይ ምእካብ ሓላፍነት ዘለዎ ናይ ፌደራል መንግስቲ ትካል እዩ።

### ታሓታትነት
ምስ ንግዲ ስራሕ ዝተታሓሓዘ መጠን ናይ ሕጊ ወይ ድማ ፋይናንሳዊ ሓላፍነት ወይ ሓደጋ እዩ።

### ኣባል
ኣብ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቐ ማሕበር (LLC) ወነንቲ ኣባላት ተባሂሎም ይፅውዑ።

### ባዓል ሞያታት
ባዓል ሞያታት መዓልታዊ ስራሕቲ ናይ ሓደ ኮርፖሬሽን ዘካይዱ እዮም። ብቦርድ ዳይሬክተራት ዝተመደቡ ባዓል ሞያታት መስረቲ/ወነንቲን ዝተወሰኑ ሰራሕተኛታትን እቲ ኮርፖሬሽን እውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

### ሽርክና
ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ውልቐ ሰባት ነቲ ንግዲ ስራሕ ዝውንንሉ ናይ ንግዲ መሓውር እዩ። ኣብ ሓፈሻዊ ሽርክና መዳርግቲ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነትን ትርፊን ኪሳራን ናይቲ ንግዲ ስራሕ ይማቐሉ። ኣብ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መዳርግቲ ነቲ ቢዝነስ የመሓድሩዎ ዝተወሰኑ መዳርግቲ ድማ ኣብቲ ንግዲ ስራሕ ጥራሕ ገንዘብ ፈሰስ ዝገብሩ ኮይኖም እቶም መዳርግቲ ኩሎም ወነንቲ ንግዲ እዮም።

### ወናኒ ውልቐ ትካል
እቲ ወናኒ ስራሕ ንግዲ።

### ማሕበርተኛታት
ማሕበርተኛታት ማለት ኣብ ሓደ ትካል ወይ ድማ ኮርፖሬሽን ኣክስዮን ዝዓደገ ሰብ እዩ። ማሕበርተኛታት ካብቲ ኣብቲ ኮርፖሬሽን ብዝገብርዎ መዋፅኦ ተመጣጣኒ ብፅሒት ዝውንኑ እዮም።

# ጠቓሚ ሰነዳት

## መተሓዳደሪ ደንቢ
ናይቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር (LLC) ሹም፣ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር ንምጥያሽ ዘድሊ ካውንቲን ኣድራሻን ዝገልፅ ሰነድ። እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ እንተቐርብ ወይ ድማ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ 60 ማዓልቲታት ዘይበልፅ ኣብዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ብዝተገለፀ ዝኾነ ይኹን ካሊእ ዕለት እዩ።
*ናብ ክፍሊ ጉዳያት ወፃኢ ዝቐረበ*
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር**

## ናይ ክልተ ዓመት መግለፂ
ንናይ ንግዲ ኣድራሻ ንምርግጋፅ ወይ ድማ ንምምሕያሽን NYS LLCsን ኮርፖሬሽንን በቢክልተ ዓመቱ ንዝቐርብ መግለፂ ከቕርቡን ዝኽፈል ክፍሊት $9 ክኸፍሉን ኣለዎም።
*ናብ ክፍሊ ጉዳያት ወፃኢ ዝቐረበ*
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቓ ማሕበር** ▶ **ኮርፖሬሽን**

## ናይ ውሽጢ ደንቢ
እቲ ኮርፖሬሽን ከመይ ከምዝሰርሕ ዝገልፅ ናይ ፅሑፍ ሰነድ እዩ። እዚ ሓበሬታ እዚ ዳይረክተራት ብኸመይ ከም ዝመርረፁ፣ ኣኼባታት ብኸመይ ከም ዘካይዱ፣ ከምኡ እውን መሰላት፣ ግቡኣትን ስልጣንን ማሕበርተኛታትን ዳይረክተራትን ሓለፍቲን እንታይ ምዃኑን ዘብራህርህን ዘጠቓልለ እዩ።
*እቲ ኮርፖሬሽን ቅዳሕ ከቕምጥ ኣለዎ።*
▶ **ኮርፖሬሽን**

## ናይ ትካል ሹም ዝሓዘ ምስክር ወረቐት
እቲ ሹም ንግዲ ካብቲ ሹም ወናኒ እቲ ትካል ዝተፈለየ እንተኸውን ጥራሕ ዝድለ ቕጥዒ እዩ።
*ናብ ፃሓፊ ካውንቲ ዝቐረበ*
▶ **ዋንነት ትካል ውልቓ** ▶ **ሓፈሻዊ ሽርክና**
▶ **ካብቲ ሕጋዊ ሹሙ ብዝተፈለየ ሹም ዝሰርሕ ዝኾነ ይኹን ኣካል**

## ናይ መመስረቲ ምስክር ወረቐት
ሹምን ኣድራሻን ናይ ኮርፖሬሽን ዝገልፅ ሰነድ እዩ። ህላወ እቲ ኮርፖሬሽን ወይ ድማ ካብቲ ናይ መመስረቲ ምስክር ወረቐት ዝቐረበሉ ዕለት ወይ ድማ ኣብቲ መመስረቲ ምስክር ወረቐት ትካል ዝተገለፀ ቐን ድሒሩ ዝመፅእ ዕለት (ካብቲ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲታት) ዝጅምር እዩ።
▶ **ኮርፖሬሽን**

## ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ምስረታ ምስክር ወረቐት
ናይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ስምምዕነት ዝኣትዉ መዳርግቲ ኣስማትን ሓበሬታን ዘቑምጥ ቕጥዒ እዩ።
*እቲ ኮርፖሬሽን ቅዳሕ ከቕምጥ ኣለዎ።*
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና**

## ናይ ምልክታ ምስክር ወረቐት
ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ወይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር ንምኽፋት ናይ ጋዜጣዊ ምልክታ ረቛሒታት ከምዘማልእኹም ንምግላፅ ምስ ቓለ ማሓላ እተቕርቦ (ገፅ 1+ 9ን 22ን ይርኣዩ) ቕጥዒ እዩ። እቲ ናይ ምልክታ ምስክር ወረቐት ድሕሪ ምቕራቡ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና ወይ መተሓዳደሪ ደንቢ እቲ ትካል ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1+ 20 ማዓልቲታት ክቐርብ ኣለዎ።
*እቲ ኮርፖሬሽን ቅዳሕ ከቕምጥ ኣለዎ።*
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና**
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር**

## I-9፣ ናይ ስራሕ ብቕዓት መረጋገፂ ቕጥዒ
ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ኣሜሪካ ብሕጋዊ መንገዲ ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ንምርግጋፅ ዘድሊ ቕጥዒ እዩ። መስራሓይኩም ቕጥዒ I-9 ክቕበልን ብፍቓድ ዘለዎም ሰበስልጣን መንግስቲ ኣሜሪካ ንኽምርመር ክገብርን ይግባእ።

## ናይ ስራሕ ስምምዕነት
ናይ ኣባላት መሰል፣ ስልጣን፣ ምርጫታት፣ ገደብ ወይ ድማ ሓላፍነት፣ ኣካየድቱ፣ ሰራሕተኛታቱ ወይ ወኪላቱ ይውስን። እቲ ናይ ስራሕ ስምምዕነት ቕድሚ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ 90 ማዓልቲታት ድሕሪ ምቕራብ መተሓዳደሪ ደንቢ እቲ ትካል ክፍረም ይኽእል እዩ።
*እቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር ቅዳሕ ከቕምጥ ኣለዎ።*
▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር**

## ናይ ሽርክና ስምምዕነት
ንሓፈሻዊ ሽርክና ዝምከርን ንሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክናን ዝድለ ኮይኑ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ንግዲ መዳርግቲ ዘሎ ስምምዕነት፣ መሰላትን ግዴታታትን ዝሓዘ ምኳኑ ዘረጋግፅ እዩ።
▶ **ሓፈሻዊ ሽርክና** ▶ **ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክና**

# እታዎታት

## ኤጀንሲ መንግስቲ ግዝኣት ኒውዮርክ፡-

### ክፍሊ ጉዳያት ወፃኢ፣ ክፍሊ ኮርፖሬሽን፣ መዛግብቲ እቲ ስቴትን ከምኡ እውን UCCን
www.dos.ny.gov/corps/
ብዛዕባ ግዝኣት ኒውዮርክ ንግዲ ንምኽፋት ወይ ንምስፋሕ ክድለዩ ዝኽእሉ ቅጥዒታትን ካልኦት ሕጋዊ ሰነዳትን ሓበሬታን ቅጥዒታትን

### ልምዓት ኢምፓየር ስቴት፣ ፕሮግራም ሓገዝ ሰብ ሃፍቲ
esd.ny.gov/entrepreneurial-assistance-program
ፕሮግራም ሓገዝ ሰብ ሃፍቲ (EAP) ኣብ መላእ ግዝኣት ኒውዮርክ ኣብ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ማእከላት ፕሮግራም ሓገዝ ሰብ ሃፍቲ ብምጥያሽ ኣብ ቐረባ እዋን ናይ ባዕሎም ንግዲ ንዝጀመሩ ወይ ድማ ንግዲ ክጅምሩ ንዝደልዩ ውልቓ ሰባት መምርሒ፣ ስልጠና፣ ቴክኒካዊ ሓገዝን ድጋፍን ግልጋግሎትን ይህብ፥

### ቤት ፅሕፈት ሓደሽቲ ኣሜሪካዊን(ONA)
1-800-566-7636
www.newamericans.ny.gov/business
ቤት ፅሕፈት ሓደሽቲ ኣሜሪካዊን ኣብ መላእ ኒውዮርክ ንኣናእሽተይ ንግዳዊ ሓገዝ ሓዊሱ ሓዊሱ ንስደተኛታት ትምህርታዊን ቑጠባዊን እታዎታትን 27 ግልጋሎት ማእኸላት ኣለውዎ፡፡

### ማእከል ልምዓት ኣናእሽቲ ትካላት (SBDC)
1-800-732-7232
www.nyssbdc.com
ኔትዎርክ 24 ዞባዊ ማእከላት ኣቢሉ ልምዓት ኣናእሽቲ ትካላት ኒውዮርክ (NYS SBDC) ነቶም ንግዲ ክጅምሩ ወይ ኣፈፃፅማ ናይሪ ዝፀንሐ ስራሕቲ ንግዲ ከማሓይሹ ንዝደልዩ ነበርቲ ኒውዮርክ ዝሳዓል ፅሬት ዘለዎ፣ ነፃ ወይ ብትሑት ዋጋ ናይ ንግዲ ምኽሪን ስልጠናን ብዘይክፍሊት የቕርብ፡፡

## ኤጀንሲ መንግስቲ ኒውዮርክ፡-

### ክፍሊ ጉዳያት ተጠቀምቲ፣ ቤት ፅሕፈት ፋይናንሳዊ ዕብየት
https://www.nyc.gov/site/dca/partners/financial-empowerment.page
ፋይናንሳዊ ትምህርቲን ምኽሪን ንብረቶም ክሃንፁን ፋይናንሳዊ እታዎታቶም ብዝበለፀ ክጥቐሙሉን ዝደልዩ ትሑት እቶት ዘለዎም ነበርቲ ኒውዮርክ ንምጥንኻርን ምቕፃልን ዝዓለመ እዩ፡፡ ብዛዕባ ዘተኣማምንን ብተመጣጣኒ ዋጋን ቑንዲ ባንኪታትን ተበፃሕነት እቶት ዘዕቢ ግብሪ ምኽፋልን ሓበሬታ ዘጠቓልል እዩ፡፡

### ግልጋሎት ኣናእሽቲ ትካላት (SBS)
https://www1.nyc.gov/nycbusiness/
ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ንግዲ ንምጥያሽ፣ ንምንቅስቓስ ወይ ድማ ንምዕባይ ንዝደልዩ ሰብ ሃፍቲ ዝዋሃብ ነፃ ትምህርቲ፣ ዓውደ መፅናዕቲታት፣ ምኽሪን ሓገዝን፡፡

### ግልጋሎት ኣናእሽቲ ትካላት ተበግሶ ንግዲ ስደተኛታት
www1.nyc.gov/nycbusiness/article/immigrant-business-initiative
ግልጋሎት ኣናእሽቲ ትካላት ኣብ መላእ ከተማ ኒውዮርክ ብብዙሕ ቋንቋታት ናይ ንግዲ ትምህርቲ፣ ናይ ፋይናንስ ሓገዝ፣ ፕሮ ቦኖ ሕጋዊ ግልጋሎትን ካሊእን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ወፃኢታት ይህብ፡፡

## ትካላት ኒውዮርክ፡-

### ህዝባዊ ቤት መፃሕፍቲ ብሩክሊን፣ ግልጋግሎት ኣናእሽተይ ንግዲን ሰብ ሃፍቲን
www.bklynlibrary.org/business/small-business
ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት መላእ ብሩክሊን እታዎታት፣ ዓውደ መፅናዕቲታት፣ ክፍሊታት ከምኡ እውን ንገፅ ንገፅ ናይ እንግሊዝኛ፣ ስጳኛ፣ ሩስያን ክረዮልን ቋንቋታት ዝዋሃብ ኣብ ኣጀማመር፣ ኣመራርሓን ዕብየት ስራሕቲ ንግዲን

### ኔትዎርክ ማእከል ምብፃሕ ንግዲ (BOCNET)
www.bocnet.org
ማይክሮ ኢንተርፕራይዝ፣ ናይ ንኣናእሽቲ ትካላት ልምዓት ትካል ኣብ ብሮንክስ፣ ብሩክሊን፣ ማንሃታን፣ ኲይንስ፣ ስታተን ደሴት ንዝተሓተ ግልጋሎት ንዘለዎም ማሕበረሰባት ብዓይነት ዝተዳለወ ናይ ንግዲ ግልጋሎት ዝህብ፣ ንኣናእሽተይ ትካላት ልቓሕ፣ ኣብ ገዛ ዝተጣሸ ክንክን ህፃናት፣ 'ስራሕቲ ንግዲ ኣሜሪካዊ-ቅዲ' ዓውደ መፅናዕቲታትን ስደተኛታትን ሓዊሱ ፕሮጀክት ማይክሮ ኢንተርፕራይዝ።

### CAMBA ግልጋግሎት ኣናእሽቲ ትካላት
718-287-2600
www.camba.org
ሓደ ንሓደ ዝዋሃብ ምኽሪ፣ ዓውደ መፅናዕቲ ንኣናእሽቲ ትካላት፣ ብዛዕባ ንግዲ ምኽሪ ምሃብ፣ ምስ ካልኦት መዳርግቲ ልምዓት ንኣናእሽቲ ትካላት ምትእስሳር ከምኡ እውን ናይ ንግዲ ልቓሕ ምኽሪ

### ፕሮጀክት ልምዓት ማሕበረሰብ፣ ማሕበር ሕጋዊ ሓገዝ
212-426-3000
www.legalaidnyc.org/civil-practice-pro-bono-projects
ኣብ መላእ 5 ከባቢታት ንጠበቓታትን ንዓማዊልነት ብቑዓት ዝኾኑ ክፍሊ ሕብረተሰባትን ስልጠናታት ይህብ፡፡ እቶም ኣርእስቲታት ንእሽተይ ንግዲ ምክፋት፣ ናይ ንግዲ ሊዝ ስምምዕነት ምፍርራም፣ ስራሕቲ ንግዲን ውልቓዊ ንብረትን ምሕላውን ይርከብዎም። እቲ ስልጠናታት ብቋንቋ እንግሊዝን ስጳኛን ይዋሃቡ፡፡

# እታዎታት

### ማእከል ስነ-ምምሃርን ምስትምሃርን ከተማታት (CUP)

www.welcometocup.org
ንዝተሓላለኹ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ንምብርህራህ ዝሕግዙ በረርቲ ወረቓቕቲ ኣናእሽቲ መፃሕፍቲን ምሕታም ኣብ ኒውዮርክ ዝርከቡ ናይ ሰራሕተኛ ስራሕ ማሕበር የጠቓልል።

### ሄብሪው ማሕበር ነፃ ልቓሕ

www.hfls.org/loan-programs/microenterprise/
ንትሑትን ማእከላይን እቶት ዘለዎም ነበርቲ ከተማ ኒውዮርክ ሎንግ አይዝላንድ ዌስትቸስተርን ንግዲ ንምኽፋት ወይ ንምስፍሕፋሕ ካብ ወለድ ነፃ ዝዋሃብ ናይ ኣናእሽቲ ትካላት ልቓሕ።

### ፕሮጀክት ሕጊ በዓል ሃፍቲ ጎሮቤት፣ ማእከል ፍትሒ ቤት ፍርዲ ኒውዮርክ

212-382-6633 (ዋና)
212-626-7383 (ናፃ ናይ ሕጊ ምኽሪ ግልጋሎት ዝዋሃበሉ ስልኪ))
nelp@nycbar.org
ካብ ትሑት እስካብ ማእከላይ ብርኪ እቶት ዘለዎም ኣናእሽቲ ፈጠርቲ ስራሕ ንግዲ ንምጅማር ጉዳያት ግብሪ ውዕላትን ስምምዓትን፣ ንግዳዊ ድርድር ኽራይ፣ ኮፒራይት፣ ምልክት ንግዲን ፓተንትን እውን ሓዊሱ ዝዋሃብ ናይ ሕጊ ግልጋሎት

### ተሃድሶ ቑጠባዊ ልምዓት ኮርፖሬሽን

www.renaissance-ny.org
ትሑት ወለድ ዘለዎ ንግዳዊ ልቓሕን መደባት ስልጠና ዋኒንን ብምሃብ ኣብ ኒውዮርክ ንዝርከቡ ስደተኛታት፣ ትሑትን ማእከላይን እቶት ዘለዎም ማሕበረሰባት ናብ ዝላዓለ በርኪ ንምስግጋር ዝውዕል ፋይናንሳዊ ትካል ልምዓት ማሕበረሰብ።

### ግልጋሎት ሕጊ ፍቓደኛታት

347-521-5729
www.volsprobono.org/projects/microenterprise-project
ወነንቲ ኣናእሽቲ ትካላትን ኣናእሽቲ ስራሕ ፈጠርቲን ካብ ውፉያት ሰራሕተኛታትን ፕሮ ቦኖ መርበብ ጠበቓታትን ዝላዓለ ፅሬት ዘለዎ፣ ብናፃ ሕጋዊ ግልጋሎት ንኽረኽቡ ይሕግዝ።

## ኒውዮርክ ናይ ሕብረት ስራሕ እታዎታት

### ሓምለዎት ሰራሕተኛታት ሕብረት ስራሕ

www.greenworker.coop
ዝላዓል ሃንቐውታ ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ ብሰራሕተኛታት ዝውነኑ ሓምለዋይ ንግዳዊ ትካላት ንኽማዕብሉ ዝሕግዝን ን5 ኣዋርሕ ዝፀንሕ ናይ ስልጠናን ደገፍን መደብ የቕርብ።

### ሕብረት ስራሕ ሰራሕተኛታት ከተማ ኒውዮርክ (NYC NOWC)

212-390-8178 (ናይ ናፃ መስመር)
www.nycworker.coop
ንናይ ሰራሕተኛ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ክአለት ንግዲ ሕብረት ስራሕን ዕብየት ኣመራርሓ፣ ስልጠና፣ ዓውደ መፅናዕቲ፣ ናይ ንግዲ ድጋፍ ከምኡ እውን ቴክኒካዊ ሓገዝ ምሃብ።

### ፕሮጀክት ፍትሒ ሰራሕተኛ -

ነቲ መንገዲ ኒውዮርክ ክኸውን ይግበሩ

347-889-6347
www.workersjustice.org
ካብ እቶም ካልኦት ብተወሳኺ ሓደ ትካል መሰላት ስደተኛታት ጉዳያት ብሰራሕተኛታት ዝውነና ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብምምዕባል፣ ድጋፍን ምድንፋዕን ዘላቒ ስራሕ ንምፍጣር ይሰርሕ።

## ናይ ኦንላይን መሳርሒታት:-

### ኒውዮርክ ቢዝነስ ኤክስፕረስ

www.businessexpress.ny.gov
ኣብ ንግዲ ስራሕኹምን ሞያዊ ረቋሒታትኩምን ብምምራሕ ይሕግዘኩም። ነቲ ቓለ መሕተትን ነዚ ናይ ንግዲ ክንዲ ንግዲ ስራሕ ንምጅማር ዘድልየኩም ኩሉ ዝርዝር የቕርበልኩም።

### ናይ ኒውዮርክ ስራሕቲ ቦታ

www1.nyc.gov/nycbusiness

**ከይዲ ብከይዲ ዝካድ ቓለ-መሕተት**
ከይዲ ብከይዲ ዝካድ ቓለ-መሕተት ብምምላእ ኣብቲ እትሰርሓሉ ኢንዱስትሪ ተመርኲስኩም ንግዲ ስራሕኹም ንምጅማርን ንምስራሕን ከድልየኩም ዝኽእል ናይ ከተማ፣ ሪጅንን ፌደራልን ንግዲ ፍቓድን ፍቓድን ብዓይነት ዝተዳለወ ዝርዝር ይረከቡ።

**መተባብዒ ገምጋሚ**
እቲ ስራሕቲ ንግድኹም ብቑዕ ንዝኾነሎም ቓለ መሕተት ብምምላእ መንግስቲ ከቕርቦም ዝኽእል ተቖቢልኩም